# ሓበሬታ ንካብ ምጥራዝ (ብዘይድሌትካ ናብ ካልእ ሃገር ምስጓግ) ኣብ ስጋእ ዘለዉ ሰባት

እዚ ሓበሬታ ንናብ ሃገርም ኮነ ካልእ ሃገር ክምለሱ ዘይክእሉ ወይ ድማ ዘይደልዩ ሰባት ጌና ኣብ ኣይርፖርት ከለዉ ካብ ምጥራዝ ንምንጋፍ ተዳሊዩ ዘሎ እዩ።ብመጀመርያ ብዝተኻእለ መጠን ንኢቱሰብካ ይኹን ብዶብካ ነቲ ምጥራዝ ከም ትቃወሞ ሓብሮም።ንሳቶም ድማ ካብ ደገ ነቲ ኣየር ላይን ብዛዕባ ፍቓድካ ብዘይ ከምዘለኻ ብምሕባር ክተሓባብሩኻ ይኽእሉ።ኣብ ፍራንክፈርት ኣየር ፖርት(ዝበዝሐ ምጥራዝ ዝካየደሉ ኣየር ፖርት) ሓደ ነዚ ጉዳይ ዝከታተልን፡ንተሳፈርትን ኣየር ላይንስን ዝሕብር፡ኣንጻር ምጥራዝ ዝቐንዐ ተቓውሞ ዝገብርን ጉጅለ ኣሎ።ነቲ ጉጅለ ብ ኢመይል ክትረኽቦም ትኽእሉ ። vga@antira.info / +49 152 169 355 62

ዝቅጽል ሓበሬታ ብኸመይ መንገዲ ንነብስኻ ካብ ምጥራዝ ክትድሕን ከምእትኽእል ዝበልጽ ኮይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ንብናርማል ናይ ተሳፈርቲ መጓዓዝያ ነፋሪት ዝግበር ምጥራዝ ዝምልከት እዩ።ኣብዚ እዋን ሮማውያን ብፍላይ ካብ ዱሰልዶርፍ ወይ ባደን ባደን ብቻርተር ፍላይትስ ስለዝጥረዙ እተን ነፈርቲ ድማ ካልኦት ተጠረዝትን ፖሊስን ጥራይ ዝሓዛ ስለዝኾና ነብስኻ ምክልኻል ከቢድ ይኾውን።መሰኻኽር ውን የብሉን፡ብዘይ ድሌትካ ትገረር ከም ዘለኻ ብዙሕ ህዝቢ እንተፈሊጡ ዝበዝሐ ናይ ምድሓን ዕድል ይህልወካ።ኣብ ዱሰልዶርፍን ባደን ባደንን ውን ምጥራዝ ዝቃወሙ ንጡፋት ሰባት ኣለው።

ኣብ ኣይርፖርት ምስ በጻሕካ ነብስኻ ካብ ምጥራዝ ንምድሓን እንታይ ክም እትገብር ክሕርብዩካ ስለዝኽእል ነዚ ሓበሬታ ብምንባብ ክትዳሎ ይግባእ።

## ናብ ኣየር እናኸድካ እትገብሮ

ናይ ሃገረ ጀርመን ፖሊስ ንስኻ ኣብ ምጥራዝ መብዛሕትኡ ጊዜ ዘይግዱሰን ጨካንን ስጉምቲ ስለዝወስዱ፡ከምኡ ውን ሕጊ ሓይሊ ንከጥቀሙን የእዳው ክኣስሩን ስለዘፍቅደሎም ፡ሓደ ሓደ ጊዜ ውን ማህረምቲን ምፍርራህን ስለዝጥቀሙ ንክትቃወሞም ብምባል ሓይልኻ እንተዘይወዳእካ ይሕሸካ።

## ማህሰይቲ ወይ ድማ ሕማም እንተለካ

ማህሰይቲ ወይ ድማ ሕማም እንተለካ(ሓሚምካ እንተለኻ)፣ ንከሎም ኣብ መንገድኻ ዘጓንፉኻ ሰባት(ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት፣ ናይ ኣየር ፖርት ሶሻል ሰርቪስ ሰራሕተኛታትን ተሳፈርትን ናይታ እትሳፈረላ ነፋሪት) ብዛዕባ ማህሰይትኻ ወይ ሕማምካ ክትሕብር ይግባእካ።ቀላሊ ኩሉ ጊዜ ዘዐውት ስጉምቲ ኣይኮነን ብዙሕ ግዜ ምጥራዝ ብምኽንያት ሕክምና ይቓረጽ እዩ።

## ኣብ ነፋሪት ምስደየብካ

ኣብ ዓለምለኻዊ ስምምዕ ብምምርኳስ፣ ፖሊስ ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ዝኾነ ፍሉይ ስልጣን የብሎምን።ዝኾነ ሓይሊ ድማ ክጥቀሙ ኣይኽእሉን

ኣብ ጀርመን መብዛሕትኡ ምጥራዝ ብነፋሪት እዩ ዝካየድ።ቅድሚ 10 ዓመት "No one is illegal" ዝተባህለ ናይ ጸረ ዓሌትነት መርበብ(Anti racist network) ኣብ ኣይር ፖርትታት ምንቅስቓስ ብምግባር ዲፖርቴሽን ክላስ ዝበል ዘመተ ጀሚሩ።እቲ ዘመተ ድማ ንሉፍታንዛ ኣየር ላይን ተጠረዝቲ ከየጓዕዝ ንምግባር ዝዓለመ እዩ ነሩ።ወጽኢቱ ድማ ሉፍታንዛ ንርእይ ተቓውሞ ዘርእዩ ተጠረዝቲ ከምዘይጽዕን ብውግዒ ገሊጹ።ካብ ተመክሮና ድማ ብዙሓት ተቓውሞ ዘርእዩ ተጠረዝቲ፡ኣቶም ፓይሎታት ስለእተቓወሙ ከምዝይጥረዙ ተገይሩ።

no
one
is
illegal

ናይ ማሕበር ናይ ፓይሎታት መርገጺ

ናይ ጀርመን ናይ ፓይሎታት ማሕበር "Cockpit" ናይ ሕጊ ክኢላታት ከምዝሓበርዎ፡ንተጠረዝቲ ሰባት ኣብ ነፋሪት ኢዶም ምእሳር ኣይፍቀድን እዩ።እቲ ፓይሎትውን ነቲ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ክንጸግ ይግባእ፡እንተዘይኮነ ድማ መቅጻዕቲ ክወርዶ ይኽእል እዩ።ብተወሳኺውን ኩሎም ፓይሎታት ቅድሚ በረራ ኩሉ ዝጥረዝ ሰብ ብድልየቱ ይበርር ከምዘሎ ንከረጋግጹ ሓቲትዎም(ሓቢርዎም ኣሎ)። ዓለምለኻዊ ማሕበር ናይ ፓይሎታት IFALPA ብወገኑ ሓደ ካብ ሮቓሒታት ናይ በረራ ብምባል "ሰባት ብድልየቶም ክበሩ ኣለዎም" ብምባል ኣስፊርዎ ይርከብ።

እዮም።ስለዚ ሓይልኻ ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ንክትጥቀመሉ ክትዕቅብ ይግባእ።ብዘተኻእለ መጠን ዓው ኢልካ ንፓይሎት ወይ ድማ ንኣባላት ሰራሕተኛታት ናይታ ነፋሪት ክትዛረብ ፈትን። ብዛይ ፍቃድካ ትብርር ከምዝለኻን ነብስኻ ንክትከላኸል ድማ ከምእትቃለስን ግለጸሎም።ክትቓልስ ማለት ድማ ዕግርግር ምፍጣር ማለት ዘይኮነ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ዓው ኢልካ (ና) ምባል እኹል እዩ።እንተዘይኮነ ድማ ዓው ኢልካ ምጭዳር፡ ኩፉ ምሕሳም፡ በልት ምሕሳምን ካብ መንበርካ ምውራድን ናብ ምድሪ ናይታ ነፋሪት ምውዳቕን ካልእን ብምጥቃም ነብስኻ ክትከላኸል ይግባእ።

ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ወይ ድማ ፖሊስ ኣብታ ነፋሪት ምስዘይህልዉ፡ እቲ ነገር ብጣዕሚ ይቐልል።ብቐጥታ ናብቲ ፓይሎት ብሚኻድ ድማ ክተዛረርቦ ከምእትደሊ ደጋጊምካ ሓብሮ። ክትብርር ከምዘይትደሊን ንሱ ድማ ነቲ ምጥራዝ ከፍጽሞ ከምዘይብሉን ሓብሮ።እቲ ፓይሎት ክገድደካ እንተፈቲኑ ድማ ንስኻ ሪፖርት ከምእትገብርን ክሲ ውን ከምእትምሕርተሉን ኣጠንቅቆ።ንስውን ኣፍልጦ ናይ "ኩሎም ፓይሎታት ብኣስገዳድ ዝኸበር ምጉዕዓዝ ክቓወሙ ኣለዎም" ዝብል ምኽሪ ናይ ማሕበር ናይ ፓይሎታት("Cockpit") ስልዝህልዎ(ሳጹን ተመልከት) ንስኻ ብዘይ ድልየትካ በስገዳድ ትብርር ከምዘለኻን ዝከኣለካ ናይ ነብስ ምክልኻል ስጉምቲ ከምእትወስድን ሓብሮ።

ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግሬሽን ንጸጥታ ብምባል ምሳኻ ክበሩ እንተሓሲበም፡ብዘተኻእለ መጠን ናብ ፓይሎት ክትበጽሕ ፈትን።እቶም ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ክኸልክሉኻ ወይ ድማ ኢድካ ክኣስሩኻ እንተፈቲኖም ዓው ኢልካ ክትቓወም ይግብኣካ።ነቲ ፓይሎት ድማ ከምእትቓወም ሓብሮ።

## ሕጋዊ ኩነታት

ኣብ ናይ ጀርመን ኣይር ፖርት፡ማዕጾ ናይ ነፋሪት ምስተዓጽወ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ስለዘገድዶም ናይ ኢሚግሬሽን ሰራሕተኛታት ሓይሊ ክጥቀሙ ኣይኽእሉን እዮም።ስለዚ ካብዚ ቦታ ክሳብ ናይ ካልእ ሃገር ኣየር ፖርት ምንም ሓይሊ ይኹን ስልጣን የብሎምን።ከምኡውን ኣብ ሳልሳይ ሃገር ይኹን ኣብ ግዜ ትራንዚት ዝኾነ ስልጣን ስለዘይብሎም ንናይታ ሳልሳይ ሃገር ንኣባላት ሆላንድ ወይ በልጅየም ፖሊስ ክትብርር ከምዘይትደሊን ናብ ነፋሪት ምድያብ ብትሪ ከምእትቃወምን ግለጸሎም።

> **"ናይ ሓደጋ(ህጹጽ) መውጽኢ"**
>
> ብዙሕ ግዜ ናይ ጀርመን ናይ ኢሚግሬሽን ሓለፍቲ ነቲ ምጥራዝ ብቐጥታ በረራ ናብቲ እትምለሰሉ ዘለኻ ሃገር ብዘይብለን ነፈርቲ እዮም ዝገብርዎ።ስለዚ እቲ ተጠራዚ ኣብ ኣየር ፖርት ናይ ሳልሳይ ሃገር ናብ ካልእ ነፋሪት ክቕይር ስለዘለዎ ፡ናብታ ካልኣይቲ ነፋሪት ንክይድይብ ክሕንገድ ይኽእል።ብዙሓት ድማ ብኸምዚ ኣቢሉ ናብ ጀርመን ዝተመለሱ ኣለዉ።

## ምጥራዝ ብዓወት እንተተሰሪዙ ወይ እንተተቋረጹ፡በድሕሪኡ እንታይ ኪጋጥም ይኽእል፡

መብዛሕትኡ ግዜ ጀርመናውያን ነቲ ምጥራዝ ዳግማይ ንክፍጽምዎ ይፍትኑ።መጀመርያ ቅድሚ ናይ ምጥራዝ ፈተነ ምከያዱ ኣብ ዲተንሽን(ቤት ማሕቡስ) እንተኔርካ ብድሕሪኡውን መጀመርያ ናብ ዲተንሽን ትምለስ።እንተዘይኮነ ግን ናብቲ ትቅመጠሉ ዝነበርካ ቦታ ናይ ጀርመን ከምእትምለስ ይግበር።ብድሕሪኡ ክሳብ ካልኣይ ናይ ምጥራዝ ፈተነ ዝካየድ ሓጺር ግዜ ስለዝህልወካ ሃንደበት ክትተሓዝ ውን ስለእትኽእል ብዘይ ዝኾነ ነገር ኩፉ ክትብል ውሑስ ኣይኮነን።ስለዚ ብቕልጡፍ ጠበቓ ወይ ድማ ኣማኻሪ ሕጊ ክትውከስ ይግብኣካ።

## ናይ ምጥራዝ ጉዳይካ ናይ ውሽጢ ኤውሮጳ ማለት ዱብሊን II ኮንቨንሽን (Dublin II Convention) እንተኾይኑኻ እንታይ ኪጋጥመካ ይኽእል፡

ኣብ ምቕዋም ወይ ካብ ምጥራዝ ንምድሓን ዝግበር ቃለሲ ካብ ናብ መበቆል ሃገርካ እዚ ናብ ውሽጢ ኤውሮጳ ዝግበር ዝሓሸን ዝቐለለን እዩ።ምኽንያቱ ናይ ዱብሊን ኮንቨንሽን ብምምርኳስ ፍሉይ ነፋሪት ኣይዳለወልካን እዩ።ከም ኖርማል ተጓዓዛይ ድማ ምስ ተጓዓዝቲ ከምእትበርር እዩ ዝግበር።ከምኡውን እቲ ናይ ዱብሊን ናይ ምጥራዝ መስርሕ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክፍጸም ስለዘለዎ፡እንተዘይተፈጺመ ድማ ጀርመን ሓላፍነት ናይ መስርሕ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ስለእትስከምካዚ 6 ወርሒ ንምሕምሻሽ ናይ ግድን ክትቃወም ይግብኣካ።ምናልባት ናይ ምጥራዝ መስርሕ(ንኣብነት ናብ ኢጣልያ/ሃንጋሪ ወይ ማልታ) ክተተዓናቅፎ እንተኽኢልካ ናብ ዲተንሽን ክትምለስ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።መብዛሕትኡ ምጥራዝ ድማ ድሕሪ ብዙሕ ኣዋርሕ ስለዝካየድ እቲ 6 ኣዋርሒ ንኸሕምሽሽ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።ስለዚ እቲ 6 ወርሒ ደድ ላይን ምስ ኣኸለ እቲ ናይ ዑቕባ መስርሕካ ኣብ ጀርመን ከም ዝቅጽል ይግበር።እዚ ግን ንኣብ ካልእ ሃገር ኣሽራ ናይ ኣጻብዕቲ ጥራይ ዘለዎም እንበር ንናይ ስደተኛ ዑቕባ(ረፍዩጂ ስታተስ) ዘለዎም ኣይምልከትን እዩ።

## ካብ ደገውን ሓገዝ ክትረኩብ ትኽእል ኢኻ

ብዙሓት ሰባት ምስ ናይ መንግስቲ ጀርመን ናይ ምጥራዝ ፖሊሲ ኣይሰማምዑን እዮም።ንኣብነት፣ ኣብ ፍራንክፈርት ናብ ኣየር ፖርት ብቐጻሊ ብምምልላስ ንምጥራዝ ዝቓወም ግሩፕ ኣሎ።ብዚ ዝስዕብ ኢመይል ድማ ክትረኽቦ ትኽእል

**vga@antira.info / +49 152 169 355 62**

በርትዕ! ሰስናዩ ድማ ንምነየልካ!

ዶብ ኣለቦ – ንናይ ምንቅስቓስ ነጻነት!

No border – For freedom of movement!